መበል ፲፪ ዓመት

ቍ. ፲

ታሪኽ፡ መጋቢት 74

ጀ. ሓ. ኤ.

# ሰውራ።

## ብሓልዮት ሰልፊ ሓርነት ኤርትራ ሕዝባዊ ሓይልታት ዚወጽእ

ወርሓዊ – ጋዜጣ ።

REVOLUTION

12 th, YEAR

No. 10

Date : March 1974

E.L.F. - P.L.F.




ገርጫቶ ሓጸይ ሓይለስላሰ፡ባርናስ ወርቂ ለቢሶም፡ዘንጊ ወርቂ ጨቢጦም፡ኣብ ዙፋን ወርቂ ተቐሚጦም፡ናይ"የተወደደ ሕዝባቸው"ትልቨታ፡ምት፡መንግስቲ ደምበርጽ ከይ በሉ ይዕዘዙ፡፡ደርቆን ኣሽ ብስንኩ ዘርከብ መዓትን፡ናይ ፍጥረት መዓት ኪዩ፡፡ከ ይወርዱ ከትከልከሉ ኣይከኣለካን፡፡ብዝወረደ ከትቃወም ግን ይከኣለካ፡፡ ቀዳም በቲ ዘሎካ ገንዘብን ጥሪትን ትቃወም፡፡ ገሎ ዘይኣኽለካ እንተኾነ ኸኣ ናብ ዓለም ኣውጺት ሰዲድካ ረዱ እት ትለምን፡፡ገርጫውነቶም ካብ ከልቲኡ ሓደ'ኳ ኺገብሩ ኣይተረ



ኸቡን፡፡ ነዚ ዓለም ብዕሊ ደንጊጻን ለጊባን እትህብ ዘለ ረዲኤት ናብ ናይ ገዛእ ርእሶም ተቐሚ ኸየውዕሉዎ'ኳ የፍርሁ፡፡ኣብ ትሕ ቲኦም ዘሎ ተዓማይ ስእሲ፡ምት ዘጸበዩ ዘለዉ ቴልዓ—ሰበይቲ የር ኢ፡፡ኣብ ትሕቲኡ ዘሎ ስእሲ፡ቢንሓፍ ዘጸበ ዘሎ ምዉት የርኢ፡፡ የማናይ ስእሲ ደማ ዚንሓፍ ዘለዉ ምዉታት የርኢ፡፡ዕደል ደቆ—ሰ ብ ዚገድቦም፡ር ሕሩቓት ወጻእተ ይናታት ነዚ ጉ ዱ እዚ ኸባዕ ዚገልጹዎ፡ከይር እን ከይሰማዕን ተሐቢኡ፡በለስተ ዚኣ፥ለ ዓመታት ጸኒሑ ነበረ፡፡











PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

### ዝወጸን ዝኣተወን ዓመት፡፡

ንመዓልቲ ኻብ መዓልቲ፡ንሰሙን ካብ ሰሙን፡ንወርሒ ኻብ
ወርሒ፡ንዓመት'ውን ካብ ዓመት ዘፈልሊ ነበረ ጥራይ ኢ
ዩ፡፡መዓልቲ፡ወይስ ሰሙን፡ወይስ ወርሒ፡ወይስ ዓመት መ
ልክዕ የልቦሉን፡፡ቢርኢ፡ቢሰማዕ፡ቢትሓዝ ኣይክኣልን፡፡
መልክዑ እቲ ብኣኡ ዚፍጸም ነበረ ኢዩ፡፡ጽቡቕ ነገራት
እተፈጸሙሉ ዓመት ጽቡቕ ዓመት ይብሃል፡፡ክፉእ ነገራት
እተፈጸሙሉ ኸኣ ክፉእ ዓመት ይብሃል፡፡

ታሪኽ ዚገብር፡ወይስ ዚጽሕፍ፡ነበረ ኢዩ፡፡ግዝየ፡ወይስ
እዋን፡ወይስ ዓመት ኣይኮነን፡፡ታሪኽ፡ናይ'ቲ ኣብ ሓደ
ውሱን ግዝየ ወይስ እዋን እተፈጸመ ግብርታት ጸብጻብ
ኢዩ፡፡ነበረ ዘይተፈጸሞ ዓመት፡ታሪኽ የልቦሉን፡፡ቢዝክ
ርን ቢኽብርን ኣይክኣልን፡፡

እምበኣርከስ ሎሚ ናብ'ዚ ዝወጸን ዝኣተወን ዓመት ኣቢ
ልና ክንሓስብ ከሎና ናብ'ቲ ዝፈጸምናዮን ናብ'ቲ ክ
ንፍጽሞ እምነት ዘሎና ነገራት ኢና እንሓስብ ዘሎና፡፡
በዚ ዝወጸ ዓመት ዝፈጸምናዮ፡በዚ ዝኣተወ ዓመት ክኣ
እንፍጽሞ ግብርታት ድማ ኣሎ፡፡ኣዚዩ ብዙሕ ኢዩ፡፡ኣ—
ብ'ዚ ጸቢብ ጋዜጣና ንኹሉ ኸንጽብጽብ ኣይክኣለናን፡፡
ገናኸ ኣሕጽር ኣቢልና ኽይዘከርናዮ ኸንሓልፍ ዘይንኽእ
ል ሓደ ዓብይ ነገር ኣሎ፡፡ንሱ ድማ፡እዚ በዚን ዓሕረ
ያት ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን፡ኣውራ ኸኣ በዚን ክልተ
ና፡፡ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ሃገራዊ ሓድነት፡ፖለቲካዊ መት
ካልን ዕላማን ዘይብሉ ሰውራ፡ሰውራ ኣይኮነን፡፡ወይስ
ሕይወት ዘይብሉ ሰውራ ኢዩ፡፡ጀብሃ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡
ሃገራዊ ሓድነት ዘይነበራ፡ምውቲ ማሕበር ኢያ ዝነበረት፡፡
ስለዝ'ውን ሕዝባዊ ሓይልታት፡ካብ ሓመሽቲ ወይስ ካብ
ርእሲ ጀብሃ ዝበቖለ ሓዱሽ ሓይሊ ኢዩ እንተ በልና ካ
ብ ሓቂ ዝወጸ ኣይኮነን፡፡

ናይ ሕዝባዊ ሓይልታት ምውላድ፡ምዕባይ፡ምምዕባል ተኣም
ራት ከይኑ ዘርኣየና ዘሎ ምኽንያት፡እቲ በዚን ዝሓለፉ
ዓሕረያት ሰለስተ ዓመት፡ኣውራ ኣውራ ድማ በዚን ዓሕረ
ያት ክልተ ኻብኣተን ዝነበረ ጻዕርን ዕንቅፋትን ኢዩ፡፡
ናይ ወሽጥን ናይ ግዳምን ጸላኢ፡ጸላኢ ኤርትራ፡ጸላ
ኢቲ ሓርነት፡ጸላኢቲ ፍቕርን ሰላምን፡ሕዝባዊ ሓይልታት
ከይውለዱ፡ ከይዓብዩ፡ከይምዕበሉ፡ብዝነበሮም ሓይሊን ጥበ
ብን ኩሉ ተጋደሉ፡፡ኣይከኣሎምን፡፡ንገዲሊ ሕዝቢ ኤርት
ራ ንምድምሳስ ኢሎም፡ክሳዕ ወሽጣዊ ውግእ ንምፍጣር፡ና
ይ ሓድሕዱ ደም ንምፍሳስ'ዉ ኸኣሉ፡፡ገናኸ ኣይከኣሎምን
ናብ'ቲ ዕላማኦም ኸብጽሑ ኣይክኣሉን፡፡ንገዲሊ ሕዝቢ
ኤርትራ ዘድሕን ሓይሊ ተወሊዱ ዓብዩ፡፡ዝኾነ ይኹን ሓ
ይሊ ዘይኽእሎ ሓይሊ ንምዃን ከኣ ኻኣለ፡፡

ኣብ ታሪኽ ጀብሃ፡ንመጀመሪያ ግዝየ፡ክሊ ኣንጻር መን
ስቲ ኢትዮጵያ ዚገበር ዘሎ ሃገራዊ ውግእ፡ናብ'ቲ ወተ
ኻብኣተን ኣብ በልዕ ናጽነት፡ማለት ኣብ ጀብሃ፡ተረኺቡ
ዘሎ ፖለቲካዊ ዓወት ኢዩ፡፡ፖለቲካዊ ዓወት ምባልና፡ነ
ቲ ዘገርም ዝኾነ ንጸላኢ ብሓቂ ኸሽብር ጀሚሩ ዘሎ ወ
ተሃደራዊ ዓወት ኸለ ርኢና ኣይኮናን፡፡እቲ ኻብኡ ዝዓ
በየ መሰረት ዘርኣየና ዘሎ ግን እዚ ፖለቲካዊ ዓወት ኢ
ዩ'ዩ ፍልይ ኣቢልና ንኣኡ ንዝክር፡፡

እወ፡ሕዝባዊ ሓይልታት ከውለዱ፡ኪዓብዩ፡ክምዕበሉ ምኽኣሎም፡
ተኣምራት ከይኑ ይርኣየና'ሎ፡፡ጀብሃ፡ካብ መጀመርታ'ዉ
ዱንስቲ ማሕበር እንተ ነበረት፡ካብ 1969ሲ ካም ዝሞ
ተት ወይስ ቀይታ ኸም ዝነበረት ነፍሰ—ወከፍ ሕልና ዘ
ለዎ ኤርትራዊ ዚኣምን ኢዩ፡፡ቀይታ ማለት፡ኣጽዋር እተ
ዓጥቀ ሰባት ንሊሎቹ ነይርዎ ማለት ኣይኮነን፡፡ኣጽዋ
ር እተዓጥቀ ሰባትሲ በማእታት ነይርዎ፡፡እዚ ንርእሱ
ግን ሃለዋት ሰውራ ኽምስክር ካም ዘይኽእል ንፈልጥ ኢ
ሃደራዊ መደበራት ጸላኢቲ ዚርከብ፡ናብ ዝባን መሬት
ኤርትራ ማለት ናብ ከበሳ ደይቡ ይርከብ ኣሎ፡፡ንመጀመ
ሪያ ግዝየ፡መኳንንቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ማእከል ከ
ተማ ኣስመራ ይቕተሉ ኣለዉ፡፡ንመጀመርያ ግዝየ፡ሕዝቢ
ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ትእዛዝ"ሓወልፍን"(ከርፈው—ኩቻፕሪ
ፍክ)ይነበር ኣሎ፡፡ጀብሃ ኣብ መታሕት ክባዕ ዝነበረት
ንኢትዮጵያ ተሞሞ ኣይበለን ነበረ፡፡ጀብሃ ኣብ መታሕት
ሚእቲ ዓመት እንተ እትነብር ንኢትዮጵያ ተሞሞ ኣይምበ
ለን፡፡ስለዝ'ዉን፡እንሆ ንመጀመርያ ግዝየ ክትሽበር ጀ
ሚራ'ላ፡፡

ኣብ ታሪኽ ጀብሃ፡ንመጀመርያ ግዝየ፡ናይ ኩሎም ደቂ ኤ
ርትራ ዝኾነ በልዕ ተተኺሉ ይርከብ ኣሎ፡፡ንመጀመርያ
ግዝየ ኣብ ፖለቲካዊ ሓበብ ወይስ ዕላማ እተመስረተ ን
ዱሊ ተተኺሉ ይርከብ ኣሎ፡፡ንመጀመርያ ግዝየ፡ኣብ ቀበ

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ልንት፡ኣብ ኣውረቓ ነት ዘይከነስ ኣብ ሃገረዊ ስምዒትን
ኣምነትን እተመስረተ ገድሊ ዕላማኡ ተኽኡ ይርከብ ኣሎ።
ኣብ ታሪኽ ጀብሃ፡ንመጀመርያ ገዝኡ፡ኣብ መንን ሰረዊት
ሓርነትን ኣብ መንን ሕዝብን ምሉእ ምትእምማንን ምትሕ
ጋገዝን ተፈጢሩ ይርከብ ኣሎ።።ናይ ዓወት ቀሕስን ትሕ
ኛን ከካ ንቡ ኢዩ።።ሕዝቢ መብርሒ ምዃኑ ተሪናያስ መ
ብርሕቲ ኾይኑ ይርከብ ኣሎ።።መደያይቢ ምዄን ተሪናያስ
መኣይብቲ ኾይኑ ይርከብ ኣሎ።።ሕዝባዊ ሓይልታት፡ኹ
ም'ዚ ዝበለ ስም ሒዙ ዚርከብ ዘሎ፡ናይ ምሉእ ሕዝቢ
ሓይሊ ስለ ዝኾነ ኢዩ።።ምሉእ ሕዝቢ ማለት ሓረስታይ፡
ሰራሕተኛ፡ተመሃራይ፡ወዲ ተባዕታይ፡ጓለንስተይቲ ዘኸሬ
ሉያ ገድሊ ስለ ዝኾነ ኢዩ።።

በዚ ምኽንያት'ዚ፡እዚ ሎሚ ዝወጽ ዓመት፡ናይ ሕዝባዊ
ሓይልታት ዓመት ኢዩ ዝነበረ።።እዚ ሎሚ ዝኣተወ ወይስ
ዚኣቱ ዘሎ ዓመት'ውን ናይ ሕዝባዊ ሓይልታት ዓመት ኢ
ዩ።።ንሕዝቢ ኤርትራ ተሪናያ ዘሎ ሓደ ተስፋ፡ሕዝባዊ
ሓይልታት ኢዩ።።ንሕዝቢ ኤርትራ ዓወትን ናጽነትን ስለ-
ምን ከምጽኣሉ ዚኽእል፡ሕዝባዊ ሓይልታት ጥራይ ኢዩ።።
ሕዝባዊ ሓይልታት ነዚ ዓመት'ዚ ዚኣትዎ ዘሎ፡በዚ እም
ነትን ርገጽነትን እዚ ኢዩ።።ናይ ሕዝቢ ኤርትራ ተስ-
ፋን እምነትን ንሱ ጥራይ ከም ዝኾነ ስለ ዚፈልጥ፡ንተ
ስፋሉን ንእምነቱን ዘብቅዕ ክዩኑ ኾይኑ ዚርከብ ኪገብር
ኢዩ።።

× × ×

## መዓት ኣብ ኢትዮጵያ!

ኣብ ክልቲኡ ዝባን ጋዝዮጨና፡ዘስክሕ ዝኾነ ትርኢት ይ
ርእ።።ናይ'ቲ ኣብ'ተን ወሎ፡ትግራይ፡ዜብሃላ ክልተ ሃ
ገራት ንዝኣተ ኢትዮጵያ ዘወርዱ ዘሎ ናይ ደርቂን ጥም
የትን መዓት ምልከት ወይስ ኣበር ኢዩ።።ኣብ'ዚን ክል
ተ ናይ ንዝኣተ-ሃገር፡ሰብ በሸሓት ይጉሓፍ ኣሎ።።ክብ
ቲ ዜብሃል ኩሉ ገገ ተጋሒሩ ተወዲኡ ኢዩ።።ዱንጋጽ ዚ
ብሃል ፈጺሙ ዘይተፈጥሮ ሓጻይ ሓይለሰላሰ፡ነዚ መዓ-
ት'ዚ፡ዓርጋ በለስተ ኣቢሉ ዚኣክል ዓመት ሓቢኦሞዮ ይ
ነብረ።ናቱ ተሓቢኡ ንሓቀ ዚንበር ነገር ስለዘየልቦ ነገ
እንሆ ሎሚ ምልክቲ ዓለም፡ትዛረበሉን ትጽሕፈሉን ትስክ
ሓሉን ኣሎ።።እቲ ኹብ ኩሉ ዘስካሕክሕ ድማ፡ብዝሓለፈት
ዓመት፡ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሃገራት ምዕራባዊ ኣፍሪቃ ተረኺ
ቡ ዝነበረ ደርቅን ጥሙየትን ኪዛረብን ኪጽሕፍን፡ሓገዝ
ድማ ኪቐጻእ ከሎ፡ንገብዝናእምን ንፈሪቡውንቶምን ወሰ
ን ዘይብሉ ሓጻይ ሓይለሰላሰ፡ንስም'ውን ናይ ዱንጋጽ
ቃል ተዛረቡ።።ናብ'ተን ሃገራት እቲኣተን ረዲኤቶም ከ
ም ዚሰዱ ኸኣ ኣተሰረዉ።።ኣብ ዘመጽእ ቀጻሪ ጋዝዮጨና
ብዛዕባ'ዚ መዓት'ዚ ኣስፈሕና ኽንጽሕፍ ኢና።።

## ወተሃደራዊ ወረ ብሓጺሩ።።

### ካብ ዓወት ናብ ዓወት!

ብብመዓልቱ፡ብብሰሙኑ፡ብብወርሑ፡ብሕዝባዊ ሓይልታት ሓር
ነት ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዚፍጸም ዘሎ ወተሃደራዊ ዓወት
ወይስ ዓወታት፡ብቑጽራት ዓረብን እንግሊዝን ብብንዝና
ኡ እናተሓትመ ይዝርጋሕ ኣሎ።።እንካብ ብዙሕ ብውሑዱ፡
እንካብ ነቲኡ ድማ ብሓጺሩ፡ካቕጽእ ኣቢልና፡ኣብ'ዚ ና
ይ ትገርኛ ወርሓዊ ጋዝዮጨና ንጸገም።።

1- እቶም ጸየቕቲ ወይስ ዘረንቲ፡እኮይ ንብሮም ይቕጽ
ሉ ኣለዉ።።ሕዝባዊ ሓይልታት መስ'ቲ ኢትዮጵያዊ ጸላኢ
ውንእ ከም ዝገጠሞ ብዝበዝሐ መጠን፡ኣዘንጊዖም ብዱሕ
ሪት ንሕ-ሓ-ሓደጋ ይወድቕያ።።እዚ ብምንባሮም ከኣ፡ም
ስ'ቲ ጸላኢ ኣልቦንጉ-መኸደንን ከይኖም፡ኣንጻር'ቲ ኣር
ትራዊ ሰውራ ይዓዩ ምህላዎም የረድኡ ጥራይ ዘይኮነስ
የረጋግጹ።።

ኣብ 13ን 14ን ነሓሰ 1973፡ኣብ ማይ ኣቕልዱ፡ኣብ
ጥቓ ኸዕብ፡ንሕ-ሓ-ሓ-ሓደጋ ወደቕያ።።ንናኽ፡ኹም'ቲ
ኹሉ ባዕ ዚኸኑያ ወይስ ዚገብሩያ፡ብዙሓት ምዉታቶም
ስንቆምን ብዙሕ ኣጽዋርን ጠንጢኖም ሃደሙ።።
ሕ-ሓ-ሓ-ነዚኣቶም ኣፋኒዉ፡ናብ ኣውረቓ ሓማስየን ወ-
ጺ'ዮ ምስ 1500 ኣቢሎም ዚኣኸሉ ወተሃደራት ኳ ነበሩ
ያ ሓይሊ-ጸላኢ(ኢትዮጵያ) ተጓነፈ።።እቲ 24 ነሓሰ ጀ
ሚሩ ክሳዕ 25 ነሓሰ 1973 እተገብረ ተኹሲ ክሳዕ
ካተማ ኣስመራ ይሰማዕ ነበረ።።ናይ ጸላኢ ነፈርቲ፡ነታ
ናይ ኩናት ቦታ ኽሳዕ 28 ነሓሰ ደብደብኣ።።ኣብ'ቲ
ኩናት'ቲ፡ካብ ጸላኢ 30 ወተሃደራት ተቐትሉ።።42 ዱ
ማ ተወግኡ።።ኣብ መርከ ዝወደቐ ናይ ጸላኢ ኣጽዋር ብ
ዙሕ ነበረ።።ምትርየባት፡ብብዓይነቱ ጠበናጁ፡ብዙሕ ጥይ
ት፡ባናሙ፡ናይ ኢዱ ቦምባታት፡ናይ ሓጺን ቁብዕ ነበር።
ካብ ሕ-ሓ- 6 ተሰውኡ፡9 ኸኣ ተወግኡ።።

2- ኣብ ባሕቲ መስከረም 1973፡ኣብ ገምገም ቀይሕ-
ባሕሪ፡ኣብ መንን ሕ-ሓ-ሓ-ኣብ መንን ናይ ኢትዮጵያ
ሓይልን ኩናት ተገብረ።።ካብ ጸላኢ 35 ተቐትሉ፡50
ኣቢሎም ዚኣኸሉ ኸም እተወግኡ ድማ ይገመት።።

3- ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኣቕጽ ገዛእ ውንእ።።

ኣብ 24 ወርሒ ሕዳር 1973፡ኣብ ኤርትራ ዚርከብ ኢ
ትዮጵያዊ ገዛኢ ስልጣን፡ናይ ኤርትራ ከተማታት ኩሉን፡

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ካውራ—ካውራ ደማ ኣስመራ፡ብኣዋጅ ንዝየ ውንእ ሲንዝኣ ኣዘዘ፡፡ትእዛዙ፡ብእዚዩ ዝበርትዐ ዓላት ተነገሩ፡ብናይ ኣስመራ ራዲዮ ተዘርገሐ፡፡ንሱ፡ብሓፈሩ፡ነዚ ዜሰዕብ ትእዛዝ ይእዝዝ፡ሀ— ካብ ከተማ ኣስመራ፡ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ካብ ሰዓት 11 ናይ ምሸት ጀሚሩ ኽሳዕ ንግሆ ወሰ ስ ከይበልዕ፡፡በተገ ሰዓታት እቲኣተን፡ከም ኣብይተ—መስተ ዝበለ፡ሕዝቢ ዝመላለሰ በታታት ኩሉ ኺዕጾ፡፡ሁ—ካብ ደተ ገገዱን ቡቐን፡ከምኡ'ውን ኣብይተ—ሽጊ ኩሉ፡ካብ ሰዓት 7 ናይ ምሸት ጀሚሩ ኽሳዕ ንግሆ ኺዕጾ፡፡ ነዚ ትእዛዝ እዚ ዘፍርስ፡ከልተ ወርሒ ኺእሰር፡ከልተ ሚእቲ ቅርሺ ደማ ኺኸፍሊ፡፡ ሄ—ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ካብ ኣስመራ ካብ ሰዓት 11፡ካብ ካልኦት ከተማታት ከኣ ካብ ሰዓት 7 ጀሚሩ ኣብ መንገዲታት ተዛወር እንተ ተረኺበ፡ናብ ፖሊስ ተሪቡ ኺመርመር ኢዩ፡፡ጠጠው በል ኪብሃል ዝኣበየ ወይስ ኪሃደም ዝፈተነ ኸኣ ከፉእ መወዓእታ ኺጸንሖ ኢዩ፡፡ብሕሕሪ ኣዋጅ"ሓዩ ደብ"ሓዊ—ደፈን"(ኰርፍዩ)፡ ሓምበ ዘሕኸሉ ሸግገራታት በጺሑ፡ሕጊ እናፈረሱ ተቢ.ሄሮም ተኣሲርሞሲ ናብ ብየት ፍርዲ ቐሪቦም ኢዮም፡፡ከም—'ውን ብዙሕ ኣብይተ—ሽጊ በዚ ምኽንያት'ዚ ተዓጽዩ ይርከብ፡፡ ቀናታት ደማ ተታሒዞም ኣለዉ፡፡ገዛእቲ ኣርትራ ነዚ ኣውራ'ዩ ኣብ ኣስመራ እናወበኸ ዘኾይዱ ዘሎ፡ናይ

6—ናይ ሕ—ሓ—ሓ—ናይ ራዕዩን ሸበራን ከፍሊ፡ እቲ ካብ ደቀምሓረ ዚርከብ፡ናይ ኢትዮጵያ ኰማንደስ ዘዓለዉሉ በረ ፎ ሓደጋ ወዲቑ ደብደቦ፡፡

7— ናይ ሕ—ሓ—ሓ—ናይ መፍረስ ተግባር ራጸምቲ፡ካብ'ቲ ኣብ መንገዲ ኣስመራን ምጽዋዕን ዚርከብ ደልዱላት ወይስ መተሓላለፊ ከልተ ስለ ዘፍረሱ፡እቲ ኣብ መንገዲ'ዚ ርእሰ ኸተማን ኣብ መንገዲ'ዚ ዝዓበየ ወደብ ኤርትራን ዚገበር ዝነበረ ኣዚዩ ዝጸዓቐ ናይ መጎዓዝያ ዕዮ ኣቋሪጹ ይርከብ

8—ናይ ሕ—ሓ—ሓ—ናይ ጸረ—ሓይሊ—ኣየር ከፍሊ፡ሓንቲ ወ ተሃደረቲ ሓይሊ ጸላኢ ሀሊኮፕተር ወጊኣ ስለ ዘወደቐት፡ኣ ብኣ ዝነበሩ ሓደ ኮሎነልን ኣርባዕተ መኮንናትን ከም እ ተቐትሉ ብሬድዮ ካሊስ ኣበባ ተነገረ፡፡ እዞም ሓሙሽተ መ ኮንናት፡ናይ ሰለይ መልእኽቲ ንምፍጻም፡ናይ ጀነራል ደ ርስ ደበለ(ናይ ኢትዮጵያ ናይ ምድሪ ሓይልታት ኣዘዚ) ኣስነይቲ ኸይኖም ዚዝንብዩ ዝነበሩ ኢዮም፡፡ናይ ኢትዮጵ ያ ተዓማይ ሚኒስትር ኣቶ ኣከሉ ሃብተወልድ፡ካብ'ቲ ምእ ንቲ'ዞም ቅትላት ጸላኢ'ቲ እተፈጸመ ስርዓተ—ቐብሪ ተኻፊ ሊ ኸይኖም ወዓሉ፡፡

9— ከበሪ ዘብዐኛ'ውን መስፈሩ ይወስዱ ኣሎ፡፡ ወር—ሰራዊትን ኮማንደስን ገጺ ምእካል ወይስ ምኽኣል ኣ ብዓቕሚ ከይኖምሲ፡ሓጸይ ሓይለስላሴ ሎሚ ናብ'ዚ ኣር

ሕ—ሓ—ሓ—ናይ ራዕዩን ሸበራን ተግባራት ጠጠው ንምግባር ኢዮም ናብ'ዚታት ደመስመስ ዘብሉ ዘለዉ፡፡ኣውራ ዘሸበ ሮም፡ወይስ ዘሸብሮም ዘሎ፡እቲ ካብ ማእከል ኣስመራ እ ተፈጸመ፡ናይ ካልኣይ በረኸት ኢትዮጵያ ወክል ኣዛዚ ጀ ነራል ይልማ መኰንን፡ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ተወልደ መዛ ሉ መኰንን ኢዩ፡፡ናይ ሕ—ሓ—ሓ—ናይ ራዕዩን ሸበራን ከፍሊ ገገ፡በዝንጋ'ዚ ጠጠው ዘብል ኣይከነንጎ እቲ መ ልቦ እዚ ዘሰዕብ ኢዩ፤

4—ካብ 19—11—1973፡ናይ ሕ—ሓ—ሓ—ናይ ራዕዩን ሸበራን ከፍሊ፡ንመደበር ናይ'ቲ ካብ ኣስመራ ዚርከብ ናይ ኢትዮጵያ ካልኣይ በረኸት፡"ሮኬት"ወንጨፈ ደብደቦ፡፡ በጀካ'ቲ ካብ'ቲ ሕንጻ ንርእሱ እተረኸበ ጉድኣት፡ሓደ ኮሎኔል ዘለዉዎም 15 ወተሃደራትን መኰንንትን ደማ ሽ ዉ ተቐትሉ፡

5—ካብ 22—11—1973፡እቲ ብሸፍኣቶ እተፈልጠ፡ካብ ርሃ እተበሃለ ናይ ኢትዮጵያ ብሉቕ ተወግደ፡፡

ትራዩ ውገእ ከበሪ ዘብዐኛ ሸይተረፉ ጀሚሮም ኣለዉ፡፡ ሕ—ሓ—ሓ—ካብ ጸላኢ ኣሕዲጉ ዝሓዘ፡ካብ ወገን ታርራ ዚ ርከብ ከልተ ዕርዲ ካሕዱን ኢሉ፡ጸላኢ፡ካብ 24—12—73 መዓፍዓት ከይተረፈ እተዓጥቀ ዓብይ ሓይሊ ለኣኸ፡፡ሕ— ሓ—ሓ—ኣቐዲሙ ፈሊጡዎ ስለ ዝነበረ፡ኣድብዩ ጸኒሑ፡ነቲ ሓይሊ መዓት ከሰከበሉ፡፡ከበሪ ዘብዐኛ ዝመልኣ ሽውዓተ ማኪና ምስ ጽዕነተን ሓመዱ ኮና፡፡ዝተረፈ ሓሙሽተ(5) ሽኣ ምውታትን ውጉኣትን ኣርኪበን ሃደማ፡፡ናብ 6—1—74 ዘውግሕ፡ሕ—ሓ—ሓ—ንነቕፋ ቻርራ ሓደረ ወጊኡ ቀጥቀጥ ኣ በላ፡፡ካብ'ቶም ኣብ'ዚ ከማት'ዚ እተቐትሉ ብዙሓት ወተ ሃደራት ሓደ እቲ ኣዛዚ ዝነበረ ኮሎነል ኩም ዝኾነ ራዱ ዩ ኣስመራ ተኣመነት፡፡ጸላኢ፡ካብ ምድሪ ብዝተበነፈ፡ኣይ ሮፕላናት ልኢኹ ነታ በታ ከልተ መዓልቲ ቀጥቀጣ፡፡ካብ በሳማዊ ሕዝብን ካብ እንስሳን ብዙሓት ተቐትሉ፡፡ከበሩ ዕ'ቲ እዚ ወረ'ዚ እተሰምዐሉ መዓልቲ(7—1—74) ውገእ ገና ይቕጽል ነበረ፡፡ካብ'ዚ መሪር ዝኾነ ከማት'ዚ፡ካብ ሕ—ሓ—ሓ—ሓሙሽተ በዓዕትነት ሓለፉ፡ዓበርቲ ከልተ ሽኣ ተወግኡ፡፡ሽም'ዚ ዝበለ ናይ ሕ—ሓ—ሓ—ዓብይ ዓወት፡ገል ቢ መንእሰይ ዘሪፉ ይርከብ፡፡ኣዚዮም ብዙሓት ካብኣቶም ካብ በልፍን ዓወትን ናይ ሕ—ሓ—ሓ— ተኻፈልቲ ንምዃን ይጽዓዱሙ ኣለዉ፡፡

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com

ኣብ መንጎ ሃጸይ ሃይለስላሰን
ኢጣልያዊት ጋዜጠኛ ኦሪያና ፋላቺ —ን
እተገብረ ሕቶን መልስን፡፡

ምስ ገዛና ዘይቀልና፡ ገዛና ሽሎምስበ ዘይኽእል፡ታሪኻዊ ዝኾነ፡ጽቡቕ ከምኡ'ውን ክፉእ ነገራት ኣሎ፡ምዃ'ኑ ዘበናት እንተ'ሕለፈ፡ወይስ ዘበናት ኣብ ልዕሊኡ እንተ ሓለፈ፡ብሓይሊ ይነብር፡፡ማለት ካብ ዝኸሪ ደቂቕ ኣይ ጽምበስን፡፡

እዚ ኣብዚን ዘሰዕበ ዓንጽታት ጋዜጣና ዝርከብ፡ተርጎምና ሽንዝርጉም ዝደለና ሕቶን መልስን፡ኻብ'ቲ ዘይርባዕ፡ገዛና ዘየተፍክ ነገራት ሓደ ኢዩ፡፡ሎምስ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ይገብር፡ኣብ መንጎ"ኦሪያና ፋላቺ"ኣትብሃል ኢጣልያዊት ጋዜጠኛን ኣብ መንጎ ንርማቲ ሃጸይ ሃይለስላ—ሰን እተገብረ ምዝርራብ የዘንቶ፡፡እዚ ብሕቶን መልስን እተቖፀበ ምዝርራብ እዚ፡ሃጸይ ሃይለስላሰ ኸመይ ዝበሉ መሸንም፡ማለት ኣእምሮኦም ሕልናኦምን ከመይ ዝበለ መሺኑ ይገልጸን የረድኣን፡፡

"ብዝሒ ገንዘብ ብዙሕ ነውርታት ይፈብክ"ተባሂሉ ምስ—ሎ'ሎ፡፡እዚ ማለት ክኣ ንብዝሒ ገንዘብ ብዝሒ ስልጣን ወይስ ብዝሒ ሓይሊ እንተ ተወሰኸስ ኣዚዩ ዝበዝሐን ዝዓበየን ነውርታት ኪፈብክ ይኽእል ማለት ኢዩ፡፡

ሃጸይ ሃይለስላሰ፡ዘወዲ ደሪኦም፡ዘንገ—መንግስቲ ጠብጠ

ኦሪያና ፋላቺ ኣብ ገቢ ንጉሰ፡፡

እቶም ናይ'ቲ ብንጉስ ስለምንን ንገስቲ ባባን እተወሰፈቶ ዘርኢ መንግስቲ ዝወረሱ፡ኣብ ገዛኦም ዋና ዝበሉም ዚገብሩ ንርማዊ ሃጸይ ሃይለስላሰ፡ሓንቲ ፍርሃት ኣላቶም፡፡ማለት እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዚነግስ ናይ መወዳእታ ንጉስ ንሶም ከይኮኑ፡፡

ኣዲስ ኣበባ፡፡ወርሒ ሰነ 1972።

ሓደ ጫልዳን፡ብዘይካ ሰሽፍታ፡ብዘይካ ሕፍረት"ብዛዕባ ሃጸይ ሃይለስላሰ ሽጽሕፍ ኣይደፍርን፡፡መኸንያቱ ድማ፡እቲ ብገዛና ወረር መብጽሒ ንሃጸይ ሃይለስላሰ ዝወርደም ዝነበረ ጸርፍን ገፍዕን ከትርን ንኸሎም ደቲ ኪጫልይ ገና የሕፍርዎ ስለ ዘሎ ኢዩ፡፡በዚ መኸንያት'ዚ፡ናብ ቀይሕ ሓ—ሓ—ሞስ ዚቓርበሉ ብዛዕባኦም ጽቡቕ ጥራይ ይፅሕፉ፡ጽቡቕ ጥራይ ይርከቦም፡፡ናእዳን ምስጋናን ጥራይ ይስምዖም፡፡ኣብ መወዳእታ መቅበርን መመስበልን ይወድቁ፡፡ከመይ ገይሮም ኣዚዮም ክብ ኮይ ዝበሉዎም ይጠንቆም፡፡ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ይማባኸኑ፡፡ይኖኖሎም፡፡ንውሳብኦም ዓቕን ኪገብሩሉ ኣይኽእሉን፡፡ኣቃመጦም ከም'ዚ ኢዩ፡ገርማኦም ከንዲ'ዚ ይኻኸል፡ኣእምሮኦም ኣዚዩ ዝበለጸ ኢዩ፡ንልገቦምን ምሕረቶምን ወሰን የብሉን፡ንሶም ክፉእ ዝገበሩዎም ምሉእ ይቕረታ ይህቡዎም እናበ

Interview continued to last page, p 23.
Aida Kidane
January 2008

PDF Created with deskPDF PDF Writer - Trial :: http://www.docudesk.com